ኤርትራ ብደም ጀጋኑ ነጻ ዝኾነት ሃገር
ንቃለስ ኣሎና ሕድሪ ሰዉኣትና ክትግበር
ልኣላውነታ ንዘለኣለም ክቢሩ ይንበር′ ′

ብ24 ግንቦት መን ኣሎ ዘይተሓበነ
ህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ውዲት ምስ ኮነ
መንግስቲ ባይቶ ኤርትራ ምስ ተበተነ
ላዕለዋይ ባይቶ ሕጊ ነዲፉ ምስ ወሰነ
ሽዑዩ ጅግና ስዉእ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ
ፈላሚ ሰውራ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ′ ′

ን30 ዓመት ዋጋ ተኸፊሉ ንነጻነት
ጋህዲ ምስ ኮነ ኣብ 24 ግቦት
ንበጃና ዝወጸቁ ዝሰንከሉን ክብረት
ንህልዋት ግና ን31 ዓመት ባርነት′ ′




ብመስዋእቲ ደቃ ልኣላውነታ ኣራጋገጸ
እወ ንነጻነት ደ እወ ንባርነት ያ ኣድሚጸ
ኤርትራ መሬታ እንበር ህዝባ ኣይወጸን ነጻ
ብኣረማዊ ጉጅለ ህግደፍ ን31 ዓመት ተረጊጸ′ ′

ነጻነትና ብደምና ጋህዲ ኮይኑ
ህዝብና ብጀጋኑ ደቁ ተሓቢኑ
ህዝቢ ኤርትራ ሓርነት ሲኢኑ
ን31 ዓመታት ብህግደፍ ቃዚኑ′ ′

ንድሕነት ህዝቢ ዝብል ጉያ ጉያ
ከም ጅግና ስዉእ ኣብራሃም ተኸለ
ፈደይን ተሐሴ ሰራሒ ቅያ
ክንዲ ሽሕ ንድለ ደቂ ኤርትረያ

ፊት ንፊት ዝገጥም ንጉጅለ ማፍያ′ ′

ተ.ሓ.ኤ ክትሓቅቕ ያ ጨሪሑ
ካብ ስግር መረብ ሓይለ ተለቂሑ
ንህዝቢ ኤርትራ ንምብትታን ሰሪሑ
ራኢና በቲኑ ኣብቲ ዝብጻሕ በጺሑ′ ′

ን31 ዓመታት ንህዝቢ ኤርትራ ምስ ደሃኸ
ኢትዮጵያ ከይዱ ኣከሰርናን ኢሉ ምስ ወከኸ
ዕላማ ኢትዮጵያዊ ሎሑኽ በሪሁ ዩ ሕጀ ኸ′ ′

ካብ ሰብ ዝጸሊ ከም ሳእኒ ይበሊ
ናትና ኣይንህብ ዘይናትና ኣይንደሊ
ምስ ተወረርና ኢና ጀሚርናዮ ገድሊ
ወይልሑ ፈታዊ መሲሉ ክጎብጥ ዝደሊ′ ′

ን31 ዓመታት ተሰሚና ተቓወምቲ
ንድሕነት ህዝቢ ሕጂ ንኹን ወሰንቲ
ኤረና ብደቀባታ ክትምራሕ ምእንቲ′ ′

ክንግዝዝ ዩ ብዝባን ጀጋኑ ስዉኣት
ክንፋላለ እዚ ህዝቢ ወሪዱዎ መዓት
ህዝቢ ኤርትራ ደም ነቢዑ ብከዳዓት
ተቓወምቲ ፍረ ኣልቦ ን31 ዓመታት′ ′

ኣነ ክመርሕ ንጽባሕ ይጽናሕ
ብግብሩዩ ኣብ ዝደለኻዮ ዝብጻሕ
ተሳኒና ንድሕነት ህዝቢ ንስራሕ′ ′

ካብ ዝሓዝካ ዘይብልካ ንስልጣን ሃነፍነፍ
በብዘለናዮ ኣብ ጽላል ሓደ ባይቶ ንጠርነፍ
ብደገን ብውሽጥን ክንገጥሞ ንጉጅለ ህግደፍ′ ′

*ካብ ራስ ቄሳር ክሳብ ራስ ዷሜራ*
*ካብ ባርነት ህግደፍ ምስ ኮነ ሐራ*
*ንነጻነቱ ክጽንብሎ ህዝቢ ኤርትራ*
*ዘረባ ገዲፍና ወሰንቲ ንኹን ሐደራ’ ’*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነበሰ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ’ ’ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና’ ’24 ግንቦት ንዘለኣለም ከቢራ ትንበር’ ’ ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን’ ’ገጣሚ ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ካብ ሃገር ጀርመን’ ’ 24 ግንቦት 2022።*